# ኲቡር ዜጋ!

ስለ ኤርትራ ስለታ ናጽነት
ምእንቲ መስል ናይ ህዝበይ ሓርነት
ክብርቲ ሂወተይ ከወፍያ ንሞት
ክቃለስ መሪጸ ታዓጢቐ ብረት፣
ስንክልና ኣይነበረን እቲ ናተይ ድልየት
ብጆካ ክስዋእ ክኸፍል ንሂወት
ዕድል ኣይገበርኩን ድልየተይ ክዕውት
ሰንኪለ ተሪፈ ካብ ስውኣት ብጾት።

ኣታ'ዚ ናተይ'ሲ ዝኾነ ምኽነ
ናይዚ ዕሽል ዋርሳይ መሪርኒ ኣነ፣
ሃገር ከይትድፈር ብሓሳድ ወራሪ
ታሕልዩ ክነብር ናይ ህዝብና ክብሪ
ቃሉ ዘይዓጸፈ ናይ ስዋኣት ሕድሪ፣
ብልዑል ጅግንነት መኪቱ ንኣባይ
ንሱ ውን ሰንኪሉ ኮይኑ ከምዚ ኸማይ።

መን ኣሎ ዘይርዳእ ጸገም ስንክልና
እንኳን ወዲ ሃገር ዋላ ይኹን ጓና
ዘይጽወር ምኳኑ ጎዶሎ ጥዕና።

ከይጎይይ ከይስጉም ተቐሪጸን እግሪ
ዓይኑ ውን ሲኢኑ ጸልማት ለይቲ ቐትሪ
ኢዱ ውን ሲኢኑ ከይሙርከስ በትሪ
ዘይሓዊ መውቃዕቲ ዘይፍወስ ነባሪ።

ስለዚ ኣሕዋት!
ንሃገር ዝተኸፍለ እዚ ከቢድ ዋጋ
ዝግደፍ ኣይኮነን ንዋጋ ዕዳጋ
ሓመድ እንድያ ተልዕል ዝወደቐት ስጋ
ኣለናልካ ንበሎ ነዚ ኲቡር ዜጋ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ   ዮናስ ኣርኣያ ሙኒክ